የዋሃን ኣሰሊፉ ከማኡ እንተፈጸመ፡ ሕዝቢ ኢሮብ ግን "ንኽፉእ ብኽፉእ ኣይትቃወሞ" ዝብል ሃይማኖታዊ ትእዛዝን "ዝገበረኒዶ ክገብርስ ዱር ይገብር" ዝብል ሰብኣዊ ጎሊናን ኣብ ባህርዩ ሰሪፆም ስለዝርከቡ "ወሊድና ዘሚድና ድኃርከ እንታይ ክንጸዊ ኢና" ብምባል ምእንት'ዙይ ኣርሒቑ ዝጥምትን ሚዛኑ ሓሊዩ ዝነብርን ሕዝቢ ኢዩ። ምእንት'ዙይ ከዓ እቱ ጥንታዊ ሕውነቱን ጉርብትናኡን መሊሱ ከም ጥንቱ ብሰላምን ብፍቕርን ከምዝነብር ኣየጠራጥርን።

ብድኅሪ ግዝኣት ጣልያን ኣብ ባህሊ ኢሮብ ብዘይቅኑዕ ሓደሓደ ለውጥታት ከምዝተርኣየ ፍሉጥ ኢዩ። ብዝመስል ናይ'ዙ ለውጥታት ምኽንያታት (ሀ) ኣብ ጊዜያት ስደታት ሃይማኖት፡ ሕዝቢ ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናኸደ ክዕቈብን ከዐቍብን ዝነበረሉ እዋናት፣ (ለ) ብናይ ሕርሻ ኮነ ካልእ ውራያዊ ምኽንያታት ምስ ጕረባብቲ ሕብረተሰብ ምትሕውዋስን ምቅርራብን፣ (ሐ) ምስፍሕፋሕ ትምህርቲ፣ (መ) ናይ ዕዳጋን ንግዳውን ምንቅስቓሳት ምዝውታር፣ (ሠ) ብናይ ብዙኃን መራኸቢ (mass media) ብፍላይ ረዲዮን ተይፕ ረኮርደራትን ኣብ ከተማን ገጸራትን ምብዛሕ ናይ ባህልታት ምልውዋጥ ምምጽኡ፣ ኣብ ዓዲ ኢሮብ ናይ ኢዮም። ኣብዙይ ንኣብነት ክጥቀስ ዝከኣል፡ ኣብ ዓዲ ኢሮብ ናይ ሎሚ ኣገባብራ ሕፀ ኮነ መርዓ ብመሠረቱ እንካብ ናይ ቀደም ብዙኅ ዝተፈለየ'ኳ እንተዘይኮነ፡ ብናይ ጊዜን ኣብ መነባብሮ ናይዙ ሕብረተሰብ ዝረአ ዘገምታዊ ለውጥን፡ ከማኡ'ውን ካብ ናይ ካልእ ሕብረተሰብ ናይ መርዓ ሥርዓታትን ዝተወሰኹ ኣገባብራታት ኣለውዎ። ንኣብነት፡-

(ሀ) ባዕልኻ ብባዕልኻ ሕፀ ምምራጽ፣
(ለ) ብምኽንያት ብዝኂ ሰብ እንካብ ሓሙሻይ ወለዶ ንታሕቲ ቀረባ ዘመድ ምምርዓው፣
(ሐ) ነዊሕ ዝነበረ ናይ ሕፅኖት ጊዜ ምሕፃር፣
(መ) ካብ ደቂ ኣዕሩኽ ኣበ ወጻኢ ካልኣት ምዕራኽ፣
(ሠ) ደቀ'ንስትዮ ምዕራኽ፣
(ረ) ብምክንያት ሕጽረት ገንዘብ ዝግበር ናይ መርዓ ኵነታት (ንኣብነት ጭሉቕ)፣
(ሰ) ኣገዛዝኣን ብዝሕን ናይ መርዓት ክዳውንቲ፣ ወዘተ...።
እዙይ ክበሃል እንከሎ ግን ምሉእ ብምሉእ ዝተፈለየ ኣገባብራ ይኸውን ኣሎ ማለት ኣይኮነን።



# 2. ማኅበራዊ ነብራ

ቅድሚ ሕርሻ፣ ሕዝቢ ኢሮብ ኣብ መነባብሮ ምርባሕ እንስሳ ተዋፊሩ እንከሎ ብዙኅ ናይ ሥራሕ ክፍፍል እንተዘይነበረ'ኳ፡ እዙ ዓይነት መነባብሮ ቀሊል ብዘይምንባሩ እናተሓጋገዙ ኢዮም ይነብሩ ዝነበሩ። ብፍላይ ሰበይቲ ናይ ምሕጃንን ምምካኽን (ጠስሚ እንካብ ልኻይ ምፍላይ - "ዳላሊሶ")፣ ምሕላብ ንወዲ-ተባዕታይ እተወሰነ ሥራሕ ኢዩ ነይሩ። ሰብኣይ ናብ ነዊሕ ቦታ እንክኸይድ ገዛ ምትራፍን ብሓላፍነት ሕይወት-ገዛ ምምራሕን ነበረ። እዙይ ዓቢይ ወዲ እንተዘይኣሊዩዎ ማለት ኢዩ። ደቂ እውን ኣብ ከባቢ ገዛ ዝግበር መጓሰ ናይ ናእሽቱ እንስሳ (መሓስእ፣ ምራኩት፣ ወዘተ.) ከማኡ'ውን ዓበይቲ ቈልዑ እንተኮይኖም ምስ ኣቦኣም ይወፍሩን ይጓስዩን። ሰብኣይ ወትሩ ብርትዕ ዝበለ ክፍሊ ናይ ሥራሕ ኢዩ ዝኀዝ። ብ'ዙ ዓይነት ከይዲ ከስ ምርባሕ እንስሳ ይግበር ነበረ።

ብዝመስል ክፍፍል ሥራሕ ዝተጀመረ ምስ ሕርሻ ኢዩ። ማለት፡- ምሕራስ፡ ምዝራእ፡ ምዕፃድ፡ ምኵልሳስ፡ ምኽያድ፡ ምሽማት፡ ወዘተ. ናይ ሰብኣይ ተግባራት እንክኾኑ፣ ምጕልጓል፡ ጻህያይ፡ ሥራሕ ውሽጢ ገዛን ምምሕድዳሩን፡ ምግቢ ምሥራሕ፡ ወዘተ. ንሰበይቲ ዝውሰን ዓይነት ሥራሕ ኢዩ። ምዕጻድ ሓባራዊ ኢዩ። እዙ ክፍፍል ሥራሕ ብሓባር ክረአ ከሎ ድኣ ኢዩ'ምበር፡ ሎሚ፡ ሥራሕ ዝካየድ "ናይ ሰብኣይ" "ናይ ሰበይቲ" እንከይበልካ ከከም ኵነታቱን ኣድላይነቱን፡ ንኣሳልጦን ረብሓ ስድራን ሕብረተሰብን ብዝሰማማዕ መገዲ ኢዩ።

ኣብ ከባቢ ዓዲ ኢሮብ ኣባይቲ ተረሓሒቑ ኢዩ ዝሥራሕ ዝነበረ። ናይ ቀደም ገዛውቲ ዝረሓሓቑሉ ምክንያት ከዓ፡-

ሀ/ ብ'ቱ ጊዜ'ቱይ ዋሕዲ ሰብ ብምንባሩ ቦታ ሕልፍን ትርፍን ይርከብ ነበረ።

ለ/ ከማኡ'ውን፣ ከፍቲ፡ ኣጣል፡ ወዘተ.[54] ብብዝኂ ይርከባሉ

---

[54] ኣስማት ኣብዑር፡- ዓሳቢዳር፡ ዓይኒበል፡ ዑፋይ፡ ባይሳይ፡ ቢዶ፡ ቢርቢር፡ ቦራ፡ ደስታ፡ ፋሩስ፡ ፋሲል፡ ጋይሶላ፡ ዓንጉል፡ ሓሊብ፡ ሓመር፡ ኩሑል፡ ለቢስ፡ ሊላይ፡ መስቀላይ፡ ሰገን፡ ሠናይ፡ ሱሑል፡ ዒላይ፡ ወይናይ፡ ዋይላ፡ ዛህላይ፡ ወዘተ.። ኣስማት ኣላሕም፡- ዓዶኣቦሊ፡ ዓጉዋ፡ ዓይራ፡ ዓሳቦሊ፡ ዓሳዲ፡ ዓሳጋሊ፡ ዓሳጊራ፡ ዔራታሊ፡ ዒፊዳ፡ ዒምቢራ፡ ዒንዱ፡ ዑንዱጉላ፡ ያዶ፡ ኣፍዲኒ፡ ኣፍጋራ፡ ኣይናፋራ፡ ኣይሳዕላ፡ ኣዩቲዓሳ፡ ባዳላ፡ ባሃዲ፡ ቢዳረ፡ ቢዶ፡ ቢልዓ፡ ቦራ፡ ቦርማሊ፡ ዳየሊ፡ ዳ'ጋሊ፡ ዳሂላ፡ ዳሂሎ፡ ደገሊ፡ ዲርዔሊ፡ ዶ'ማሊ፡ ዱዑሮ፡ ጋሀለ፡ ጋሊ፡ ጋርባዓዶ፡ ጋይሳዓምቦ፡ ገርዓዶ፡ ገራዓዶ፡ ገራዓሳ፡ ጊናላ፡ ጎዕመ፡ ጉምዓረ፡ ሃሊካ፡ ሓጋሎ፡ ሓምራ፡ ሓዲምለ፡ ሒንጊዳ፡ ሒኒ፡